# ዕጡቓት ናይ ፕሮፓጋንዳ ኣሃዱታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
# ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ወረቓቕቲ በቲኖም

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
18.02.2009

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ክልተ ሳምንታት ናይ ወርሒ ለካቲት 2009 ዓ.ም፡ ዕጡቃት ናይ ፕሮፓጋንዳ ኣሃዱታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ሓይልታት ምክልኻል ዝውዕልሉን ዝሓደርሉን ከባቢታትን፤ ኣብ ብርክት ዝበላ ዓድታትን ንሓይልታት ምክልኻል ዝጽውዕ ወረቓቕቲ በቲኖም። ኣብ መንገዖ'ተን ወረቓቕቲ ዝተበተነለን ዓድታት፡ ኰሕሊ ዝብኢ፡ ሰብዖ፡ ዓዲ'ባ ርእሶም፡ ኣባታት፡ ክሳድ ዒቃ፡ እንዳ ኣርሁን ዓዲ ቦሪን ዝተባህላ ይርከብአን።

በዚ ስርሒት'ዚ ዝሰንበዱ ትካላት ጸጥታ ናይ'ቲ ስርዓት፡ ነቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነበሩ ሚሊሻ ኣሲሮም፡ እዚኣቶም ብዘይ ናትኩም ምትሕብባር ከም'ዚ ክገብሩ ኣይከኣሉን ኢዮም ኢሎም ከፋራርሕዎም ከም ዝፈተኑ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ምሉእ ትሕዝቶ ናይ'ቲ እትበተነ ወረቓቕቲ ድማ፡ ምስ'ዚ ዜና'ዚ ኣተሓሒዝና ነቕርቦ ኣሎና። ኣብ ርእስ'ዚ፡ ሓንቲ ኣደ ምስ ኣርባዕተ ህጻናት ደቃ ኣብ ራማ ዑቕባ ሓቲታ ከምዘላ ኣብ'ቲ ቦታ ዝርከቡ ምንጪታትና ኣረጋጊጸም። ናይ ስድራ ቤታትን ኣረጋውያንን ህጻናት ስደት፡ እቲ ናይ ጥሜትን ስስያትን ጭቆናን ኩነታት ኣበናይ ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ዝሕብር፡ ኣብነት ኢዩ።

**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ.)**     **حزب الشعب الارتري (ح ش ا)**

**ERITREAN PEOPLE'S PARTY**

## መጸዋዕታ ንሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
01.02.2009

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ንሃገርካ ናብ ሰብ ክነብረላ ዘይኽእል ገሃነም ቀይርዋ ምህላዉ ብዓይንኻ እትርእዮን ብእዝንኻ እትሰምዖን ዘሎኻ ኣሉ ዘይብሃሎ ሓቂ ኢዩ። ብድሕሪት ዝገደፍካዮም ወለድኻን ደቅኻን ንኣሽቱ ኣሓትካን ኣሕዋትካን ብሓለንጊ ጥሜትን ድኽነትን ማእሰርትን ስእነት ስራሕን ይሳቐዩ ኣለዉ። ካብ'ዚ ዓጸቦ'ዚ ንምምላጥ፡ ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ይስደዱን፣ ኣብ ምድረ-በዳታት ብጽምኢ ይሃልቁን ብማዕበል ውቅያኖሳትን ዓሳታት ባሕርን ይውሓጡ ኣለዉ። እቶም ከምልጡ ዘይከኣሉ ድማ፡ ምህርቶም ከይዓጽዱን ከይበልዑን በዚ ኣረሜናዊ መንግስቲ ተኣጊዶም፤ ደቅኹም ኣህዲምኩም ተባሂሎም ክእሰሩን ክበሳበሱን ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ክኸፍሉን ይግደዱ ኣለዉ። ብድሕሪት ዝገደፍክምዎም ደቅኹምን ኣንስትኹምን ድማ ኣላዪ ስኢኖም ክሳብ ኣዒንቶም ደም ዝሰርብ ክበኽዩ ይውዕሉን ይሓድሩን ኣለዉ። ጥሜትን ዕርቃንን እንታይ ምኳኑ ንስኻትኩም ውን ትነብርዎ ስለዘለኹም ምሕባርኩም ዘድሊ ኣይመስለናን።

ጀነራላትኩም፣ ሚኒስተራትኩምን መራሕቲ ዞባታትን ግን፣ ጥዑም እናበልዑን እናሰተዩን፤ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዝርከቡ ባራት ነብሶም ክሳብ ዝስሕቱ ክሰኽሩን ክዓብዱን ስለዝውዕሉ ብዛዕባ ሃለዋትኩምን መነባብሮኹምን ንምሕሳብ ውን ግዜ የብሎምን። ኣብ ግዜ ውርውራ ነብስኻ ኣይተዕብራ ብዝብል መርሆ ተመሪሖም ጅቦኦም ንምህጣር፣ ኣብ ስርቅን ብልሽውናን ኢዮም ተዋፊሮም ዝርከቡ ዘለዉ። ንደቅኹምን ኣሕዋትኩምን ኣሓትኩምን ኣሽሓት ናቕፋ እናኽፈሉ ናብ ስደት ከፋንዎምን፤ እቶቶም ንምኽዕባት ናይ ዘረፋ ጉጅለታት ኣቝሞም ክቀዳደሙን ክተሓላለዉን፤ ከም ውጽኢቱ ድማ፣ ኣብ ዘይእውጋ ናይ ሕድሕድ ምቅትታልን ምእሳርን ተዋፊሮም ምህላዎም ውን ትፈልጥዎን ትሰምዕዎን ዘለኹም ጽሓይ ዝወቅዖ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኢዩ። ገንዘብ ከይከፈለ ሃዲሙ ንኽስደድ ዝፈተነ ዜጋ ግን፣ ተኲስኩም ክትቀትልዎ ወይ ኣብ ማእሰርቲ ክትዳጒንዎ ኢዮም ዝእዝዙኹም።

እቲ ስርዓት፣ ንስልጣኑ ዝሕልዋ ፍሉያት ብሪገዳት ኣቝሙ፣ ካብ ናትኩም ዝተዓጻጸፍ ደሞዝ እናኸፈለን ፍሉይ ክዳን እናኸደነን፤ ንዓኻትኩም ግን፣ ብደረጃ ሓይልታት እናተማናጠልኩም ክትበልዑ፣ ብዕርቃን ክትሳቐዩን ኣብ ድፋዓት ንእስነትኩም ከተብልዩ ዝገብር ዘሎ ገዛዚ ስርዓት ምኻኑ ከመይ ኣቢልኩም ይጠፍኣኩም?!!! ክሳብ መኣስ ኢኹም ናይ ህዝብኹም ስቅያት ስቕ ኢልኩም ክትርእዩ? ክሳብ መኣስ ኢኹም ብዘይ ቅዋምን ብዘይ ግዝኣት ሕግን ንዝኸይድ መንግስቲ ተማእዚዝኩም ንድሌት ናይ ውሑዳት ሰባት ከተማልኡ? ክሳብ መኣስ ኢኹም ኣብ ድፍዓት ክትነብሩ?

ደጊም ይኣክል ኢልኩም ተላዓሉ። ዋልታ ህዝብን ሃገርን ኰንኩም፣ ምስ ደምበ ተቓውሞ ተሓባቢርኩም ንቅዋምን ፍትሕን ዲሞክራስን ክብሪ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታትኩም ተጣበቑ። ነሕዋትና ኣይንኣስርን ኣይንቐትልን ኢልኩም ተቓውሞኹም ኣስምዑ። እንተተገዲድኩም ከኣ፣ ጠያይትኹም ናብ ጥራሕ ጐልገል ዛሕዝሕዎ። ካብ ስቅያት ንዝሃድሙ ዘለዉ ንጹሃትን ጭቁናትን ወገናትኩም ኣይትቕተሉ። ኣብ ማእሰርቲ ናይ ዝርከቡ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ከምልጡ ተሓባበርዎም፤ እንተዘይክኢልኩም ከኣ፣ ኣበይ ከምዘለዉን ከመይ ከምዘለዉን ንዓለም ኣፍልጡ።